# እሰያስ ድዩ ካብ ኾላትና ዝነፍዕ
# ወይሲ ንሕና ኾላትና ኢና ካብኡ ንሓምቕ?

ሓተታ ደቀባት 26-05-06

ብዛዕባ ስርዓት እሰያስን ሽግር ሃገርናን ህዝብናን ኣሽሓት ዓንቀጻትን ርእይቶታትን ስለዝተጻሕፉ ሎሚ ኣብኡም ክንምለስን ብዛዕባኡም ክንምድርን መጥፍእ ጊዜ ጥራሕ እዩ። ደቂ ሃገር ምኟንናን እቲ ጕዳይ ህዝብና ስለዝትንክፈናን ግን ዋላኳ ስቕ ክንብል እንተደለና ሕልናና ስቕ ኣየብለናን። ብዙሓት ደቂ ሃገር ንባዕሎም ካብ እሰያስ ዝኸፍኡ ጨካናት ዲክታቶራት ክነሶም ብዛዕባ እሰያስን ስርዓቱን ከማርሩን ከካፍኡን ንሰምዕ ኢና። ብወገኖም ዘርእዩዋ ቅንጣብ ዲሞክራስያዊት ስራሕን ህዝባዊ ሓልዮትን ግን ኣይትረኸበሎምን። እሰያስ ግፍዔኛን ትዕቢተኛን ቀንጻልን ሓራድን ሓልዮት ሃገርን ህዝብን ዘይብሉ ዲክታቶር ምኟኑ ይልፍልፉ እዮም። ብወገኖም ነታ ንእሽቶ ብህዝቢ ትቐርብ ቅንዕትን ንጽህትን መንገዲ ፍትሕን ዲሞክራስን ክድግፉ ግን ኣይረኣዩን።

እሰያስ ከምዚ ኢዩ፡ እሰያስ ከምቲ እዩ፡ ብማለት ክልፍልፉን ክጽሕፉን ኣእዛን ህዝቢ ከጽምሙ ካብ ዝጅምሩ ስለዘይወሓደ ከኣ ህዝቢ ናይ እሰያስስ ንፈልጦ ኢና፡ ናትኩም ጥራሕ ነገሩና። ዓላማኹም እንታዩ? እሰያስ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ካብ ሃለዎ ንስኻትኩም ክትምስርቱዎ ትደልዩ ጥዑይ ህዝባዊ ስርዓትከ ከመዩ? ግለጹልና ኢሉ ይሓቶም እዩ። ቅኑዕ ዓላማን ህዝባዊ ሓልዮትን ተገዳስነትን ዝመሰረቱ መደባትን ፕሮግራማትን ስለዘይብሎም ከኣ ትሓቢኦም ክእከቡን ክፍንጥሑን እምበር እዚ ኾሉ ዓመታት ብዛዕባ እሰያስን ስርዓቱን ካብ ምቕዛም ሓሊፎም ህዝቢ ዝፈልጦን ዝቕበሎን ክገብሩዎን ክበጽሑዎን ዝኸኣለ ቍምነገር የልቦን። እዚ ነቶም ኣብ ገለ ውድባት ተጠራኒፎም ንቃለስ ኣሎና ዝብሉ መራሕቲ ዝምልከት ክኸውን ከሎ ብወገን ህዝቢ ማለት እቶም ክሰርሑን ክንቀሳቐሱን ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ክዛረቡን ክቃለሱን ዝኽእሉ ኣብ ነጻ ሃገራት ዝቕመጡ ምሁራትን ክኢላታትን ዘሎ ድኻምን ስንፍናን እሞ ከኣ ባቡር ዘይትስከሞ እዩ ኢልና ኢና ንኣምን።

እቲ ናይ ብሓቂ ዘሕዝንን ዘሕፍርን ከኣ ኣብዚ ሎሚ እዋን መብዛሕትና ብዘይካ ክፉእ ጽቡቕ ዘየሓጕሰና እዩ ዝመስል። ንሃገርን ህዝብን ድሕነት ዝዛረብን ርእይቶ ዘቕርብን ኣይንፈትዎን ኣይነተባብዖን ኢና። ተሰማምዑ፡ ተወሃሃዱ፡ ተላዘቡ ዝብለና ጸላኢና እዩ። ኣንጻር ስርዓት እሰያስ ዝዛረቡን ዝልፍልፉን ዝጽሕፉን ዝምድሩን ረድዮታትን መርበብ ሓበሬታታትን ሒደት ኣይኮኑን። ነቲ ጕዳይ ሃገር ብቲፎዞን ብወገነይ ወገንካን ዝጥምቱዎን ዝፈርዱዎን ውሑዳት ከም ዘይኮኑ ግን ንዕዘብ ኣሎና። ነዚ ኣብነት ዝኸውን ከኣ እዚ ሎሚ ቕነ ብዶር. ፍስሓጼን መንግስቱን ሓድሽ ተስፋ ነት ዎርክን ዝወጸ መግለጺ ንባዕሉ ሓደ ጭብጢ እዩ። እቲ ዝወጸ መግለጺ ከም ዝሕብሮ ነቲ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ሽግር ንምፍታሕ፡ ደቂ ሃገር ትኣኪብና በብዓቕምና ንመያየጠሉ ባይታ ክንቅርብ ተዳሊና ኣሎና ዝብልዩ። እቲ ዓቕምን ዓላማን ሓድሽ ተስፋ ነት ዎርክ ብዘየገድስ ከኣ ካብዚ ዝዓቢ ጽቡቕ ወረን ዓላማን የልቦን።

ነዚ ቅዱሳን ጠቓምን ዓላማን ኣዋጅን ብምድጋፍን ብምትብባዕን ኣብ ማዕከናት ዜና ተቓወምቲ ዝቐረበ ጽሑፋትን ደገፋዊ ጕስጓሳትን ግን ከምቲ ዝግብኦ ኣይተራእየን። እኳ ድኣ ብዙሓት ብዓይኒ ጠርጠራ ክርእዩዎን ብዓቕሞም ክሕንኾሉዎን ትዓዚብና ኢና። እሞ እቶም ፍሉይ ዓላማን መደባትን ዘለዎም ሰባት

ኮነ ውድባት ”ንሕና ከሎናስ ቀዲሞምና” ብማለት፡ እቲ ህዝባዊ ኣኼባ ከም ዘየሓጕሶም ፍሉጥ እዩ። እቲ ካልእ ብዘይካ ሰላምን ራህዋን ሃገርን ህዝብን ካልእ ረብሓን ጠቕምን ዘይብሉ ህዝቢ ግን ነዚ ብዘይ ኣፋላላይ ህዝቢ ትኣኪቡ ዝሳተፈሉን ዝመያየጠሉን ኣኼባ ንዘዳለዉ ኣብ ኣኼባ ተኻፊልካ ዓላማኦም ቅኑዕ ድዩ? ኣይቅኑዕን? ኣብ ክንዲ ምጽራይን ምፍራድን፡ እዚ ጉዳይ ሃገር እዚ ብዓል እገሌ ካብ ዘዳልዉዎ፡ እሞ ብዓል እገሌ ከኣ ክካፈሉዎ እዮም ካብ ተባህለስ ከምዚ እዩ ከምቲ እዩ ኢልካ ተቐዳዲምካ ምፍራዱን ምዕንቃፉን ሓደ ካብቲ ናይ ስንፍናን ውድቀትን ምልክት ዝኾነ ናይ ቲፎዞነት ምልክት እዩ።

ይሕመቕ ይጸብቕ ጭርሖ ሃገርን ህዝብን ሒዙ ዝብገስ ኣኼባ ኮነ ምንቅስቓስ ከኣ ቀሪብካ ክርኤን ክምዘንን ኣለዎ። እቶም ነንበይኖም ዝሰርሑን ዝልፍልፉን ዘለዉ መርበብ ሓበሬታታትን ረድዮታትን ተቓወምቲ ከኣ ንሳቶም እውን ፍሉይ ናቶም ዓላማ እንተዘየልዩዎም ንኸምዚ ዝኣመሰለ ህዝባዊ ጸዋዒት ብቐረባ ክርእዩዎን ክምርምሩዎን ትሕዝቶኡን ዓላማኡን መርሚሮም ንህዝቢ ሓበሬታ ክህቡን ህዝቢ ከይደናገርን መንገዲ ሓቂ ከይስሕትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከተሓባብሩ ይግባእ። በዚ ይኹን በቲ እቲ ስንፍናን ሕመቕን ንኸልና ደቂ ሃገር ትዓዛዚሩና ከሎ ንእሰያስ ጥራሕ ምኽሳስን ምውቃስን ግን ናይ ብሓቂ መፍትሒ ክምጽእ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ቃልሲ ወገንነትን ሻራነትን ምኽታል ከኣ ንረብሓ ጸላኢ እምበር ንረብሓ ሃገር ኣይኮነን።

ነዚ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ኩነታት ጸላእቲ እሰያስን ስርዓቱን ብምዕዛብ ከኣ ብዘይካ እቶም ንሃገሮምን ህዝቦምን ሂወቶም ኣሕሊፎም ዝለገሱ ጀጋኑ ስዉኣት ካብቶም ህሉዋት ዘሎና ኤርትራ ብዘይካ እሰያስ ካልእ ንፉዕን ጅግናን ተረፍ ዘይብላ ከይትኸውን ዘጠራጥር እዩ። እሰያስ ጅግና ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኩሎም ጀጋኑ ግን ጅግንነቶም ንቕዱስ ዓላማ ኣይነበረን። ክንደይ ንጌጋ ዓላማ ዝተንስኡ ጨቆንትን ዲክታቶራትን ግን ከኣ ፍሉጣት ዝኾኑ ጀጋኑ ኔሮም እዮም። ዲክታቶራት ብምንባሮም ግን ጅግንነቶም ንኽፉእ እምበር ንጽቡቕ ዓላማን ንህዝባዊ ረብሓን ኣይነበረን። ንህዝባዊ ረብሓን ጠቕምን ዘይሰርሕ ጅግና ኣይኮነን ዝብሉ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ንሕናውን እሰያስ ንፉዕዩ፡ እሰያስ ለባምዩ፡ እሰያስ ቅኑዕ መራሒ እዩ፡ ኣይወጸናን። ከም ባህልና ድላዩ ዝገብርን ዝበጽሕን ጅግናዩ ስለዝበሃል ጥራሕ ኢና ጅግና ንብሎ ዘሎና። ኣብዚ ሎሚ እዋን ኣብ ኤርትራ ካብ እሰያስ ንላዕሊ ጅግና ሰብ ኣሎ ክብል ዝኽእል እንተሎ ክሕብረና ግን ኣይንጸልእን።

ምኽንያቱ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብዘይካ ሓደ እሰያስ ንዓቢ ኮነ ንንእሽቶ ጉዳይ ዝውስን፡ ንሃገር እንተደለየ ክሸይጥ ክልውጥ ከይተረፈ ዓቕሚ ዘለዎ፡ ኣርባዕተ ሚልዮን ንኣክል ቍጽሪ ኣሎና ንበሃል ኤርትራውያን ዘብክየና ዘሎ፡ እንተተመለኸናን ትኣዘዝናን ዓድና ክንኣቱ ዘፍቅድ፡ እንተጸልኤ ከኣ ዋላ ንሬሳና ኣብ ዓዲ ከይቅበር ዝኽልክል፡ ሲቪላዊ መራሒ ክነሱ ንዓበይቲ ኮነ ንኣሽቱ ጠበንጃ ተሰኪሞም ዝልኣኹዎ ሰብ ጽሮራ ዘደስክል ዝቐጽዕ፡ ዝኣስር፡ ዝርሽን ሰብ ምዃኑ ዘይንኽሕድ ካብ ኮነስ ወይ እሰያስ ካብ ኩልና ህዝቢ ኤርትራ ንላዕሊ ዝበለጸ ጅግንነትን ዓቕምን ኣለዎ ወይ ከኣ ንሕና ኩልና ህዝቢ ኤርትራ ትኣኪብና ክንዲ ናቱ ዝኣክል ዓቕሚን ክእለትን የብልናን ማለት እዩ። ዓቕሚ ኣለዎ ዝበሃል ኤርትራዊ ውልቀሰብ ይኹን ውድብ እንተልዩ ግን ንሃገርና ኮነ ህዝብና ካብዚ ሎሚ ብእሰያስን ስርዓቱን ዝወርዶ ዘሎ ግፍዒ ዝኸፍእ የለንሞ ሃየ
ንሃገርናን ህዝብናን ዘድሕን መንገዲ ይምርሓና።

***በዚ ኣጋጣሚ ከኣ እቲ <u>ብዶር. ፍስሓጼን መንግስቱን ሓድሽ ተስፋ ነት ዎርክን</u> ንጕዳይ ሃገርና ክንምርምርን መፍትሒ ክንደልየሉን ንኹላትና ኤርትራውያን ብዘይ ኣፈላላይ ዝቐረበ ዕድመ ክድገፍን ክተባባዕን ዝግብኦ ተበግሶ ስለዝኾነ ኣዳለውቱ ዓቕሚ ህዝብናን ብቕዓት ምሁራትናን ስለዘይስሕቱዎ በቲ ካብ ህዝቢ ዝቐርብን ዝመጽእን ደገፍ ኮነ ዕንቅፋት ከይተገደሱ ንታሪኽናን ቃልስናን ጽቡቕ ስም ዝህብ ንኤርትራ ብዘይካቲ ከጥፍኣን ንህዝባ ከጽንትን ዝቃለስ ዘሎ እሰያስን ስርዓቱን ንድሕነታን ድሕነት ህዝባን ዝሰርሑን ዝቃለሱን ዜጋታት እውን ከም ዘለዉዋ ዝሕብርን ዘረጋግጽን እዩሞ እቲ ዝሕሰብ ዘሎ ኣኼባ ዕዉትን ንሃገርን ህዝብን ዘድሕን መሰረት ዝትከለሉን ክኸውን ጽቡቕ ትምኒትና ንገልጸሉ።***

***ዘለዓለዋዊ ዝኽሪ ንስዉኣት***
***ራህዋን ሰላምን ነቲ ኣብ ጸበባ ዘሎ ህዝብና***